# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 26 ዓመት ቁ.297 | ሰንበት13 ነሓሰ 2017 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
መጀመርታ ናይቲ ሪቐ ጥበብ ባሕሪ



ገጽ 3
"ተኸሊ ጌልዒ፡ ንዳለማዊ ዋዒ ከፍውስ…



ገጽ 4
ጊዳሺት ልቢ



ገጽ 6
"…ማስከረም ናብ እኽሊ"



ገጽ 7
ቀይሕ ባሕሪ Vs ደንደን




## ዋዕላ 'ውዳቤታት ህግደፍ' ኣብ ኣመሪካ ተዛዚሙ




"ኪዳን ወለዶታት - ንልምዓታዊ ሽርክነት" ብዝብል መሪሕ ቴማ፡ ኣብ ከተማ ሲያትል ክቕየድ ዝቐነየ መበል 13 ዓመታዊ ዋዕላ ውዳቤታት ህግደፍ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተዛዚሙ።

ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ፡ ካብ ኣስመራ ናብ ዋዕለኛታት ኣብ ዘለኣኾ መልእኽቲ፡ የሃናኡ ገሊጹሎም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣቶ ብርሃነ ገብረሂወት ድማ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርን መድረኻዊ ተልእኾን ዘተኮረ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ካብ 9 ክሳብ 11 ነሓሰ ዝተኻየደ ሰፊሕ ሱታፌ ዝተረጋገጸሉ ዋዕላ፡ ኣብ ዓመታዊ ጸብጻብ ድሕሪ ምዝታይ፡ ውዳቤታት ህግደፍ ብምሕያልን ንጥፈታተን ብምውህሃድን ሃገራዊ መደባት መኸተን ልምዓትን ንምድንፋዕ ኣብ ዝሕግዙ መደባት ተዘቲዮም፡ ወጥን ስራሕ ዝሓዘ ደምዳሚ መግለጺ ወጺኡ።

"ዋዕላ ሲያትል፡ ተልእኾ ኤርትራዊ ሃገራውነት ዘኩልዑ ሓይሊ ውዳቤታትና ዘረጋገጸ፡ ንወለዶታት ከም ሰንሰለታዊ ቀለቤት ዘተኣሳሰረ" ዝበለ እቲ ደምዳሚ መግለጺ፡ ሃገራዊ ድሕነት፡ ክብሪ ልኡላውነት ሃገርን ቀጠባዊ ሕወየትን - ልዕሊ ዝኾነ ስለ ዝኸውን፡ ውዳቤታት ህግደፍ ከም ናይ ቀዳምነታቶም ቀዳምነት ሰሪዖም፡ ብዋዕ ክሕብሕብዎን ብንቕሓት ክከላኸሉን ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ብሃገራዊ ባይቶ ኤርትራውያን- ኣመሪካውያን ዝተወደበ ዓመታዊ ዋዕላ፡ ወከልቲ ዝተፈላለያ ውዳቤታት ህግደፍ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካብ ካልኦት ሃገራት ዝመጹ ዕዱማትን ተሳቲፎምሉ።

## ኣፍዓበት - መደብ "ዓርዩም" ጽቡቕ ውጽኢት ኣመዝጊቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ብ"ዓርዩም" ዝፍለጥ ኣብ ግቡእ ዕድመኦም ትምህርቲ ዘይጀመሩ ቈልዑ ዝወሃብ ናይ ትምህርቲ መደብ፡ ጽቡቕ ውጽኢት ከም ዘመዝገበ፡ ብ9 ነሓሰ ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ትምህርትን ኣመሓደርትን ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበት፡ ናቕፋ፡ ቅሮራ፡ ኣዶብሓ፡ ሸዕብን ጊንዳዕን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ እቲ ኣብ 2005 ዝተኣታተወ መደብ፡ ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዕድል ትምህርቲ ዘይረኸቡ ካብ 9 ክሳብ 14 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ፡ ኣብ ፍሉይ መምሃሪ ነቑጣታት ብምምሃር፡ ናብ ስሩዕ ትምህርቲ ንምስጋርም ዝጸለመ ምኽኑን ኣተባባዒ ፍረ ከምእተረኸበን ተሓቢሩ።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሓላፊ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣቶ መሓመድ ዑስማን፡ ኣብ'ቲ ዞባ 35 ነቑጣታት መደብ "ዓርዩም" ከም ዘለዋ፡ 16 ካብዚኣተን ድማ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ከም ዝርከባ ብምጥቃስ፡ ተሳታፍቲ ደቂ-ኣንስትዮ 50 ሚእታዊት ምኻኑ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ካብ ዝተመዝገቡ ልዕሊ 17 ሽሕ ቈልዑ፡ እቶም ልዕሊ 12 ሽሕ ትምህርቶም ከም ዝዛዘሙ፡ ብዙሓት ካብዚኦም ናብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ከም እተሰጋገሩ ኣረዲኡ። 8 ነቑጣታት ናብ ስሩዕ ኣብያተ-ትምህርቲ ከም እተሰጋገራ እውን ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ረሽድ መሓመድ-ዑስማን፡ እቲ መደብ ሳላ ጻዕሪ መማህራን፡ ተሳታፍቲ ህዝቢ፡ ምምሕዳርን ካልኦት ኣካላትን ከም እተዓወተን ብዝለዓለ ክድንፋዕሉን ኣዘኻኺሩ።

ብተወሳኺ ወገን፡ ኣብ'ቲ ዞባ ብሓፈሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ድማ ብፍላይ፡ መደብ ምሽታዊ ትምህርቲን ምጥፋእ መሃይምነትን ጽቡቕ ከምዘሰጎመ ተሓቢሩ።

## ጨ/ሚ/ትምህርቲ ዞባ ማእከል ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብልምዓታቱ ብምድንፋዕ ድኸምቱ ንምውጋድ ከምዝጽዕር፡ ብ11 ነሓሰ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ገምጋም ገለጸ።

ኣብቲ ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ሰመረ ርእሶም ዝተረኸቡሉ ኣኼባ፡ ሓላፊ'ቲ ጨንፈር መምህር በየነ ሃብተጋብር፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2016/2017 መጠን ምሕላፍ ብሓፈሻ 88.7 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ብምጥቃስ፡ እቲ ኣብ 2ይ ደረጃ ዝርአ መጠን ኣብ ዝመጽእ ዓመት-ትምህርቲ ጠንቂ ተለልዩ ንምፍዋሱ ክስራሕ ኣተሓሳሰበ።




ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ናይ ካልኣይ ደረጃ መዛዘሚ ፈተና፡ 75 ተመሃሮ ናይቲ ዞባ ምሉእ ነጥቢ - ማለት 4 ከምጸኡ እንከለው፡ ካብ ሓፈሻዊ ዝተፈተኑ 5211፡ እቶም 3182 ከም ዝሓለፉ፡ እዚ ድማ ወጽኢት ናይ'ቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ብዓይነት ንምምዕባል ዝኻየድ ዘሎ ጻዕሪ ምኻኑ ተገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንንጥፈታት ስፖርት፡ ባህልን ጥዕናን፡ ከምኡ'ውን ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓትን ካልኦት ኣካላትን ዝምልከት ጸብጻባት ቀሪቡን ብደቂቕ ተገምጊሙን።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ንዝበረኸ ውጽኢት፡ ርክብ ተመሃሮ፡ መማህራንን ወለድን ዝያዳ ክሕይል፡ ክብሪ ምምህርና ኣብ መንእሰያት ንምስራጽ ክጻዓር ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ገጻት ሂወት




ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ጆርናል

ሲነማ ኣዝመራ
01 ነሓሰ 2017

## መጀመርታ ናይቲ ሪቕ ጥበብ ባሕሪ

4:30 ድ.ቐ.

ኣብ ዓለም ሓደ ወሰን ኩነት ምንባት ሕልና ተውህቦኻ ምልላይ እዩ። ድምጺ ዘይብሉ ኩናት ውሽጢ። ተውህቦኻ ከየለለኻ ምህውታትውን ኑብሱ ዝሽኣለ ካልእ ኩነት ህላወ እዩ። እሞ ተውህቦይ እንታይ እዩ?

ጥበብ 'ዛ ዓለሙ መንእሰይ ዘሎዎ ጾር ርዝን ዝበለ እዩ። ዓውደ ጥበብ ብፍላይ'ኳ ዓውዲ ስነጽሑፍ ኣብ ሕብረተሰብ ዘልሕኾ ጽልዋ ዘየማትእ ስለ ዝኾነ።

ንለውጢ፡ ዕብየት፡ ብልጽግና፡ ኮታስ ንሰናይ መንገዲ ኣሚትካ ተበርኪቱ ዕዮ ተዘካሪ ይገብረካ። ስምካውን ኣብ በረኽ ይሰፍር። ብኣንጻሩ ንእሩም መማእዚ ዝተውሃብኮዮ ተውህቦ፡ ዋላ ብድርዒ ምህሮ ዝለቀብካሉ፡ ብዘምበዕ ርድኢት ንምንቃት ወይውን ንእከይ ዕላማ እንተ ተዓጢቕካሉ ስምካ ምስ ሳጥናኤል'ዩ ዝስመ። ወርትግውን ብሕብረተሰብካ ተዘካሪ ካብ ምኳን ትበኩር። እንተ ተዘከርካውን ከም ኢ.ድካ።

ዕዮ ስነጥበብ ባሕሪ ክብዝል ወትሩ'የ ዝሰምዕ። ዕምቈቱ እዚ'ዩ ዘይብዝል ዓሚቕ ባሕሪ። ነዚ ዝፈልጠ ግን ኣቡቲ ባሕሪ ጥሒሉ ዒቕ ዝበለ ጥራይ'ዩ ዝስወጦ። ዓውደባሕሪ ስነጥበብ በብሽኩርናዓቱ፡ ጸሓፊ፡ ሰኣሊ፡ ቀራጺ፡ ቀባኢ፡ ... ወዘተ.።

ልዕሊ ፍርቂ ማእታዊት ካብቶም ተውህቦኦም ዘለዩ ምኳነይ'የ ብቐጻሊ ዝዛረብ ነይረ። ውሽጠይ፡ ወኖይ፡ ዝጉጸጉጹ ተምሳጥ ስነጽሑፍ፤ ከም ዝመስለኒ ብፍላይ እኳ ኣብ ግጥምን ምድላው ናይ ፊልም ድርሰታትን። ብርግጽ ምሳይ ዝዓበየ ልማድ ውሽጠይ እየ ዝበሎ። ጠንቀምቀም ኢለ ኣብ ዓውዲ ስነጽሑፍ ወስ ምባል ልማደይ እዩ። ብፍላይ ኣብ ጸዕዳ ወረቐት ብድፍኢት ውሽጢኻ ተደሪኽካ ምሕንጣጥ። ይዝከረኒ ተመሃራይ መባእታ ከለኹ እዚ'ዩ ዘይብሎ ሓይሊ ውሽጠይ ዘፍለቐ፡ "ተበገስ ተበገስ ጸሓፍ ጸሓፍ፡ ድምጺ ውሽጢኻ ስማዕ" ዝብል ዘጋውሕ መቓልሕ ... መሳሲ ኣነ። ውሽጠይ ዝኣዘዞ ዓጉቲ ስለ ዘይረኸብ፡ ካብ ደጋዊ ትርኢተይ ጠሞጉቲ ተርባጽ ውሽጠይ ዝተሰወጠን መምህር ፍረወይኒ፡ ኣብ መፅጸዊ



ትምህርቲ ኣብ ድራማ ክዋሳእ ዕድመ ዘቕረባለይ። እታ ንጣር ቀኻልዒ ጥበብ ባልባል ኢላ ስነጥበብ ብኢ.ደ ዋኒኑ ኣብ ዝጥን ኣእምሮይ ተሓዚሉ። ምስ ገቢታ ርዝኑቱን ደረት ኣልቦ ዕምቈቱን።

ብኣጸብዕ ኢ.ደይ ዝፈለመ ክኣትዎ ዝጀመርኩ ዓውደ ባሕሪ ዘገም እናበልኩ ክጥሕሎ ኣንቂደ። ምስ ሓያል ታኼላታቱን ኑናሻዕ ብሓይሉ ዝግጽቦካ ማዕበላቱን እንክትስገም መመለሲ ዝዓምቖ፡ ብልሒ.ን ጥበበን እናኣቕመሰ ዝንውንው ባሕሪ፤ ባሕሪ ስነጥበብ። ብዕጻውድ ወልፈ ኣሻበይ እየ ውሉፍ ኰይነ ኣይርደኣንን እዩ። ውሉፍ ሕማም ኑብሰይ ኰይኑ ከም ጽላሎት ኣሰረይ ክዓዝዝ ወሀብ ወሲደዮ። ንስለኡን ብስለኡን ንተፈጥሮ፡ ንኢ.ጋጣሚ፡ ናብራን ህይወት ብዓባያን ብኻልእ ኩርናዓት ክጥምቶ ቀሲበኒ። ደረት ኣልቦ መለኮታዊ ሓይሉ እምብረ-መጠን ከቢድ፡ ወርትግ ኣብ ቅልስ ኣእምሮ ኰይኑ ምንባረይ።

ብዘገም ዝፈለመ ጉዕዞ ዕዮ'ይ ስመይ ውልዕ ጥፍእ እናበለ ንሰዓብቲ ከቃልዕ ባይታኡ ኣይኰነንን። ኣሻበይ ጾር ዕዮኡ ኣብ ዝጥኑይ ተሓዚሉ ከሎ ተጻይ ተውህቦይ ምኳኑ ዘየስተውዓልኩሉ ቀጣፊ ባህሪ ኣብ ማእገር ኑብሰይ ክሕዘል ብኢ.ደ ዋኒነይ ፈቒደሉ። ግና... እወ ግና እታ ዘይተሰገም ኣንኰት እንቃዓ ከም ዘፍረኸ ካዕቦ ክዛረብ ጀሚረ። ክንዲ ፍረ ኣድሪ ሒ.ዝካስ ብዛዕባ ንፍቒ ከም ምዕሳል እዩ። ኣንኰት ሕሱም ኣብ ደኅል ዘይብሉ ጸሊም በረድ ሽታሕታሕ ኩብለኒ ንዛ ኑብሰይ ኣሕለፈ ሂቢያ። ግዜ መሕለም ግን ኣብ ሕልሚ ከንሳፍፍ ኢ.ይገደፈንን።

ምስቲ ናይ ሞያ ዓርኪ ርእሰይ ኮኾብ ተኸስተ ሻሂ እናሰተና፡ ካብ የናስ (ወዲ ዓፋድኽ) ኣጉዳሲ ዝብሃል ምህሮ ንኣብ ዓውዲ ፊልም ዝተጥፉ ከም ዝወሃብ ኣብ መሸረብ ኣእዛንና ዝበጽሐ። ኣንኰትና ሒ.ዝና ድማ ምህሮ ፊ.ሊ.ምናዮ። ኣእመሮና ሒ.ዙዎ ዝቐረበን ኣብኡ ዝጸንሓና ግን ዘይምግላጽ ይሓይሽ። ብዋጋዱሳትን ምሁራትን ደቂ ሃገር ሓመድ ፍቕሪ ሃገሮም ዝሰረጸም ኤርትራውያን፡ ኣቡቲ ዓውዲ ዝሕለፉዎ ውረድ ደይብን ምስ ገቢታ ጸጋማቱን ክሳብ ልበይ ዝሞልቐ እየ ሰንቢደ። እናሰማዕኩዎ ምእማኑ ስኢ.ነ። ነዚ ሕንጥጥ ሕንጥጥ ኣቢልካ እትሰርሖ ፊልምስ ክሳዕ ክንድ'ዚ ምባል እዩ 'ኣቡዳዊ ቀኻንጣሮ ፍልጠተይ' ኣቢ.ሉኒ። እቲ ኣነ ቀሊል ዝበሎ ዓውዲ፡ መምህራንና ብሓባር "ገና ተመሃሮ ኢ.ና ዘለና" ክብሉ ምስ ሰማዕኩዎም ንዛ ብድዕቲ መልሓሰይ ነኺሰ ከድምያ እየ ተጋዲለ። ናይቲ ዓውዲ ምሩቓት ክለሰም "ተመኩሮ ኢ.ና ንለዋወጥ ዘለና፧" እንክብሉ ብሕፍረት መኸወሊ ጸላም እየ ስኢ.ነ። መዓልቲ ንመዓልቲ እናወሰደ ባኮ ኣእምሮይ ብንጥብጣብ ፍልጠቶም ቦኹሪ ማይ ፍልጠቶምን ጥብ...ጥብ ኢሉ ዘሪቑ ክኣቱዎ ጀመረ።

"ስርሑ ... ስርሑ ተጋገዩ። ምስ ተጋገኹም ትእረሙ። ወትሩ ብዛዕባ ምሕላል ንግዜን ኩነትን ከም መመኽንይታ ኣይትጠቐምሉ። ጽባሕ ኣብ ዓውዲ ፊልም እንታይ ሰሪሕኩም እምበር እንታይ ምስክር ወረቐት ኣለኩም ዝብል ሓታቲ የለን" ቃል መምህር ኣምባሳጀር እዩ። ብምኡዝን ነቕናቕን ድምጺ ንውሽጢና ዝኳሕኰሓ ገና ኣቡቲ ከም ጀማሪ እዩ ነጺሩለይ። ናይቲ 'ክንድ'ዚ ዓመት እየ ሰሪሐሉ' ኢለ ዝምክሓሉ ዓውዲ ግን ... ምስ ቀኻንጣሮ ዘቕሰሙኒ ፍልጠት ንብሩ ንኺይተርፍ ተመሪቐ። ምስቲ ኣብ ውሽጠይ ከም ዘይፈልጥ ዝፈለጠ ውሽጠይ። ለካስ ኩሉ ዝሕንብበሲ ዝኽእሎ ጥራይ ኣይኰነን። ጨርባሕባሕ ኢሉ ጽሩይ ባሕሪ ዝዘርግሐውን ኣሎ። ፈሊጠ ...፤ ጉዕዞይ ሕጂ እየ ኣወል ኢለ ዝፍልም ዘለኹ። ምስቲ ሕጹብ ኣእምሮይ መጀመርታ ናይቲ ሪቕ ባሕሪ።

ድሕሪ'ዚ ናይ ኣስታት ሓደ ወርሒ ጽዑቕ ትምህርቲ ብመጠኑ ዓቕመይ ክዕዘምዘም ኣኽኢሉኒ'ዩ። ብፍላይ'ኳ ከምቲ ልዕል ኢለ ዝጠቐስኩዎ ከም ዘይፈልጥ ፈሊጠ። ንኽፈልጥ ኣእምሮይ ከርሒዎ ኣፍሊጡኒ። ከም ሽቡብ እዚ ኢጋጣሚ ንዓይን ኑቶም ምሳይ ዝነበሩን መንእሰያት ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ኑቶም ስሑው ዝበለ ቀጽሮም ካብ ደምበ ንእሰነት ዝሰናበቱ ዝነበሩ ኣቡቲ ዓውዲ ዝርከቡ ኢያታተይን ብርግጽ ዓይኒ ከም እነንቀሕ እዩ ገይሩና። ርዝነት ዓውደ-ፊልም ዘሎዎ ብደሆታትን ዕምቈቱን ብቐንዱ'ውን ግፍሑ ደረት ኣልቦ ምኳኑን ግርም ጌርና ኣለሊ.ናዮ። ጉዕዞ ናብቲ ሪቕ ባሕሪ፡ ጉዕዞ ናብቲ እጹብ-ድንቂ ፍረ ብህድኣት ዝምጡ ዓውደ ስነጥበብ። ብፍላይ'ኳ ዓውደ ስነጽሑፍን ዕዮ ፊልምን። ብሉጽ ዕዮ ከበርክት።

ሳሚኤል ኪዳን (ወዲ ዕቋር)

## ሕድሮ ናይታ ተካል ለይቲ

22 ጥሪ
2015

ዳየሪ

ሲነማ ኣዝመራ ክሳብ ቦንዳ

ኣብዘ ዝሓለፈት ወርሒ እዩ ነይሩ። ብቦህላዊ ጉዳያት ተወዲቡ ዝካየድ ዝነበረ ኣብ ኣተኣሳልያ፡ ኣሰራርሓን ኣተሃናንጻ ዛንታን ምውህሃድ ስእሊን ብሓፈሻ፡ ኣብ ዕዮታት ፊልም ዘተኰረ ስልጠና ተኸታቲልና። ድሕሪ እቲ ብኸልሰ ሓሳብ ኣድካሚ ዝኾነ ናይ ንግሆን ምሸትን ትምህርቲ፡ ኑቲ ኣብ ኩቢሒታት ኣእምሮ ተማሃራይ ዝሰፈረ ፍልጠት ክሳብ ክንደይ ውጽኢታዊ ምንባሩ ብተግባር ንምርግጋጽ ሕጽር ዝበላ ፊልምታት ክሰዓሉ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት ተኸፋፊልና ነበርና። ሓንቲ ካብተን ኣርባዕተ ጉጅለ ጉጅለ ለውጢ እያ ነይራ። ኩሉ ኣባል እታ ጉጅለ ድሕሪ ክንደይ ናይ ድርሰታትን ናይ ሓሳባት ቅልስን ኣብ ሓንቲ "እሾኽ ንሓጺረአ" እትብል ድርሰት ናይ ሃርሞኒ ረዓሙ። ንስራሕ ድልዋት ኢና ክንብል ጀመርና። ብፍላይ ብፍላይ ድማ ፔተር ድሉው እዩ ነይሩ። ንኹሉ ኣባል ሰፍ ዘይብል ተስፋን ኩሉ ነገር ቀሊል ምኳኑን ሓብሮም። እታ ሒ.ዝናያ ዝነበርና ድርሰት ኣብ ጸልማት እያ እትሰኣል ነይራ። ካሜራ ሒ.ዙ ክሰእለና ዝተዳለወ ሰብ ምስ ፔተር እዩ ተረዳዲኡ ወዲኡ ዘሎ። ኣቐዲምና ኣብቲ ቦታ ብምኻድ ኣድላዪ ልምምድ ጌርና ነበርና። ተረፉና ዘሎ ናይ መውዳእታ ስእሊ ምውሳድ እዩ።

ንናይ መውዳእታ ስእሊ ንምውሳድ ቈጸራና ሲነማ ኣዝመራ እዩ ነይሩ። በብጠኹርናዕና ተሸባሺብ ኰይኑ ኣብ ሰዓትና ተረኺብና። ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ ከም ዝብሃል፡ ብኩተማሃርናዮ መሰረት ጉጅለ ለውጢ ካብ ጉጅለታት ባሕሪ፡ ፍኖትን ትንሳኤን ዝበለጸ ስራሕ ሒ.ዝና ክንቀርብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ጉጅለ ለውጢ ትምኒትን ባህጊን እዩ ነይሩ። ኣብይ'ሞ ትምኒትን ባህጊን ኣብታ ጉጅለ ነንበይኖም ኣንፈ ሒ.ዞም ነበሩ።

ልክዕ ሰዓት 8:00 ድ.ቐ. ካብ ሲነማ ኣዝመራ ተበገስና። ኣውቶቡስ ቁጽሪ 13 ተሳፊርና መውዳእታ ፈርማታ ወረድና። ዛሕሊ ኣስናኑ ኣቐልቂሉ ንኣካላትና ክወርዶ ጀመረ። ወዲ ኣሕፈሮም ብጸቕጢ ናተይን ብርሃንን ክኸይድ ስለ ዝተገደደ ኑተን ክልተ ኣዋልድ ናይታ ጉጅለ ማለት ሰሚራን ኣድያምን ሒ.ዙ ብታክሲ እዩ ናብ ቦታ ስእሊ ዝኸደ። እቲ መደብ ካሜራ ማን ናይ መርዓ ክስእል መደብ ስለ ዝነበሮ ንመርዓውቲ ኣብ ዕስለ ስኢሉ እዩ ክመጻና። ዝግበር ነገር ኣይነበረን ኰይኑ እዩ። ኩሉ ሰብ ንዘረባ ፔተር ኣሚኑ ስለ ዝተበገሰ ዝቃወም ኣይነበረን። ኣቡቲ ዘይተዛዘመ ህንጻ መሕደር እንስሳታት በጺሕና መጋርያ ኣጉድና ኣብ ናይ ጋዕዳ ጥበብ ዓለም ክንኣቱ ግዜ ኣወሰደልናን። ሳላ ወዲ ኣሕፈሮም ቡቲ ዘይምኖ ላዛ ዕላሉን ዋዛታቱን ኑቲ ጠሳዕ ለይቲ ተተሓሓዝናዮ። ፈወሲ ቊሪ ተባሂሉ ዝተገዝአ መስተ ንዛ ኩላ ኣዳም ጉጅለ ለውጢ ፍሉይ ሙድ እዩ ፈጢሩላ ኣምስዩ። ተኸዲንናዮ ዝነበርና ክዳውንቲ ንሃዊሕ ዓመታት ኣብ ምግባና ዝሰርሐት መጋቢት ትኪ ትኪ ሽቲቱ ነበረ። ወዲ ኣሕፈሮም ብመርዓ ኣቢሉ እዩ ናባና መጺኡ ተኸዲኑዎ ዝነበረ ባድላ እናረአየ፡

"እንታይ ይብሃል፡ እዚ እንደዩ ግዲ ክድረስን ክሰኣልን ዝግባእ፡ ሓጻቢት መኪና ዘይብልና ጽባሕ እንታይ እዩ ዝግበር? ሰባት ትኪ ጨኒኻና ክብሉና እዮም፧" ኩላ ሰብ ብውሽጣ ተካል ለይቲ ኢላ እናተራገመት ትዋሕ ትብል ነይራ። ካሜራ ማን ወይከ ክመጽእ። መርዓውቲ ዕስለ ወዲኦም ናብ መደቀሲ ክፍሎም ኣትዮም ከም ዘለው ቡቲ ሰዓት እቲ ምስክር እዩ ነይሩ። ካሜራ ማንውን ኣብ ዓራቱ ከም ዝኣተወ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣቡቲ ጸልማት ህሞት ኣብ ግምት ከየእተዎ ኣይተረፈን። ንሱ ማሚቕ እንብዓል ንሕና ብቝሪ ተገረፍና። ኩልና ኢ.ና ነዕልል፡ ገለ ፈውሲ ጭንቀት ገለ ፈውሲ ጽምዋ፡ ገለ ፈውሲ ድቃስ ገለ ፈውሲ ክውንነት። ኣብ ከምዚ ህይወት እንከለና እዩ በረኸት ናብ ሞባይለይ ብምድውል ኣብ ከባቢ ስፔስ ክትራን ከም ዘጋጠሞ ዝሞገረኒ። ኣኑ፡ ብርሃኑ፡ ኣሮንን ኀይቶኦምን ብበሽግለታ ኑቲ ነዊሕ ጽርግያ ቀኾሽት ብጉያ ተታሓሓዝናዮ። እዚ ሰዓት 3:00 ናይ ለይቲ እዩ። ተኸቲረ ዝበለና በረኸት ግን እናሰሓቐ እዩ ተቐቢሉና። ብዓንደ ርእሱ ተካልን ዝተረገመትን ለይቲ ስለ ዝኾነት፡ ምስታ ጽልልቲ ለይቲ ኰይና ኣሃውን ምስ ጽላሊ ንበረኸት ተቐበልኩዎ።

እቲ ወህደት ወህደት እታ ሕድሮ ተካል ለይቲ ኣይኰነን እንታይ ደኣ ወህደት ጽባሕን ወህደት ናይ ትምህርቲን እዩ ነይሩ። እዛ ሓንቲ ለይቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ጉጅለ ሓደ ለውጢ ፍሉይ ዝኾነ ዝኸሪ እዩ ዘሎዋ። ብፍላይ እታ ፔተር ተሓንጊጡዋ ዝነበረ ቦርሳ ኩሉ እትሕዝ ተንቀሳቓሲት ሱፐር ማርኬት እያ ነይራ። ኣብዛ ህሞት እዚኣ ንኹሉ ሰብ ዝጸረሉ እንተሎ ስነጥበብ ነዊሕ መንገድን እምብረመጠን ዝኾነ ዓቕሊን ዋጋን ከም ዝሓትት እዩ ነይሩ።

ለይቲ ጽርግፍ ኣቢልናዮ። ገለ ኣብታ ፔተር ዝተማላኣ መንጸፍ ግምብው ኢሎም ተሃን ድቃሶም ዘውጹኡ ኣለው። ፔተር ጥራይ እዩ ምሉእ ምድላዋት ንብረትን ኣብ ጽቡቕ ሙድን ዝነበረ። ኀይቶኦም ድማ ድቃስ ኣብዩዎ ኣቡቲ እዋን እቲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክገብር ተዓዚቡኩ። እዚ ፈውሲ ናይታ ተካል ለይቲ ምኳኑ ኣይዘንጋዕኩን። ዋግዋጎ ኰይኑ ገጽና ሕብሩ ቀይሩ ናብ ዘይብሰለ ሽሮ መሰለ። ንቕሎ ናብ መበገሲ ቦታና ኰኑ ስእሊ የለን፡ ዝተታሕዘ ስራሕ የለን። ካብ እንዳ ቦንዲ ብእግርና ለፋዕ እናበልና ክሳብ ቲራቨሎ።

ተካል ለይቲ ሓዲርና ተካል ረፍዲ ተቐቢ.ሉና። ልክዕ ሰዓት 8:30 ቅ.ቐ. ሲነማ ኣዝመራ ኣተና። ከምቲ ዝበልክዎ ፔተር ኣዝዩ ንጡፍ፡ ቅልጡፍ፡ ዘይጋኖሽ ሰብ ብምኳኑ ሲነማ ኣዝመራ ምስ ኣተና ኣመት ከቢድና ክገብር ኑቲ ብጥሜት ከጣቕዕ ዝጀመረ ጨጎራና ምስ ብርሃኑ፡ ኣድያም፡ ሰሚራ፡ ኣሮን ፔተርን ብምኳን ፋታ ድግድግ ኣቢ.ልናሉ። ብዛይ ዝኾነ ፍረ ተካል ለይቲ ሓዲርና ናብ ክፍሊ ምስቶም ዝሰርሑ ተጸንበርና። ንምሸታ ናብቲ ቦታ ብምኻድ ማዕረ ሰብና ዝኾኑት ፊልም ስኢ.ልና ኣብ መዓልቲና ከምቶን ካልኦት ጉጅሊታት ኣቕሪብና።

ኮኾብ ተኸስተ - ሜካ 74

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቊ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ ዋና ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቊ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጰ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጰ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሊድያ ስልጣን
በይሉል ገ/ሚካኤል
ምስጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሰማያዊት ሓይለኣብ

# ቅኒያት

መሓሪ ዑቕባሚካኤል

ኣደታት ዝኣክል ተመጊበንን ሰትየንን፡ ወዮ ውራይ - ስራሕ እንተኾነ'ውን ከይዘሓለ እንከሎ ክሰናበታ ይደልየ'ሞ

ሓብተይ ለማልሞ

እከለ ለማልሞ

ባዕለይ ክዘዝሞ

ኢለን ዘምጸኣን ይዛዝሞ፡፡ ገለ እቲ ምትእኽኻብ ዝመቐን ወናማት ግና

ናባይ ኢያተኣ

ከምዚ ኢላተ፡ ይብላ፡፡ ብፍላይ ገለ ጸወታ'ምበር ካልእ ቀለብ ዘይብሎም ደቂ-ተባዕትዮ ምስኣን ምስ ዝጸንሐ ካብኣን ክፈላለዩ ኣይደልዩን፡፡ ናይ ወግዒ ዘይናቱ ሂብዮ እትብሉ ኣንበበቲ እንተለኹም ግና ሃየ ነሓሰ ከይተወድአት ኣብ ኣኢደኩም ዘሎ ትሕዝቶ ናብዚ ዓምዲ ወሰ ኣብልዎ፡፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ከኣ ካብ ምእንጋድ ድሕር ኣይትብልን፡፡ ነገርያ ምጽሓፍ ዝተሃለየኩም እንተሃለኹም'ውን ናብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ስልኪ ብምውቃዕ ሓሳብኩም ኣካፍሉ፡፡

ኣብ ዝጠዝሕ ሕብረተሰብና ወርሒ መስከረም ብወርሒ ዕምበባታት ይፍለጥ፡፡ ዕምበባን ጽገን ድማ ከርሲ ፍረ'ዩ፡፡ ዝዕምቡብ ይፈሪ ዝጸግን የጥሪ



ምልጡጥ ብዘመስል ኣገባብ ከኣ እንደገና ህር ዝበለ ጓይላ ይትከል፡፡ ግዳ ኣይነውሕን፡፡ ከም ፍቕሪ ቤት ምሕጻን ብጥዑሙ ይኹለፍ፡፡ ኣይትኩለፉንን ኣይኮለፍኩምን፡፡

ንወዮ ሓደ ካብ ኣበሃላታትና ኣልዒለ ከሳልዮ ዝቐነኹ ጽሑፍ'ውን ሎሚ ክዛዝሞ፡፡ ከምቲ "ወየን ዝቖንጠራ ዘልዓላ ይመስለን" ድኣ ከይትብሉ'ምበር፡ምቕንጣርካብብዙሕ ነገር ሐደት ወይ ንግለቱ ምሳድ'ዩ፡፡ እዚን እትን ክብል'ኳ እንተዘይ ደለኹ፣ ካብቶም ንኽትቀንጥሩ ወስ ዘይብልኩም ኣነ ይሓይሽ፡፡ ከመዮ ኣናብስ ንምህዳን ዘወፈሩ ኣኽላባት ዝበልዎ፡፡ እቶም ኣናብስ ንምስጓግ ዘወፈሩ ኣኽላባት ንዓዲ ተመልሱ'ሞ ካብ ወዮም ዓዲ ዝወዓሉ ኣኽላባት፣ ንሓደ ካብቶም ወፈሮም ፈሪሆም ዝተባህለሎም ኣኽላባት "ፈሪህካ ከኣ ኔርካ ኢሎሙኻ" በሎ፡፡ ቡቲ ዘረባ ቅጭ ዝመጸ ከልቢ "እወ ሓቅኻ፣ ግን ካብቶም ዓዲ ዝወዓሉ ከኣ ኣነ ይደፍር" በሎ፡፡ መቸም ከም ብዕራይ ጉሲየ ንእግረ መንገድኻ እናጫዕመድካ ምኻድ ለሚደዮ'ዩ፡፡ ዘልመድካ ኣይትኽላእ ከም ዝበላኦ ኣደይ ኢታይ፡፡

ንኣርእስቲ ብዘጥዕም መንገዲ፣ ንወርሓት ሓምለን ነሓሰን ሸናጢፈዮም'ዩ፡፡ እዚን ከምዝን ኣጉዱልካ፣ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ከኣ ይብሃል፡፡ ፍረ ውጽኢት ዕምበባ'ዩ፣ እኽሊ'ውን ውጽኢት ጽገ ንምባል ዝተመሰለ ከኣ'ዩ፡፡ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ዝተባህለ መስከረም ፍርቂ ነሓሰ፣ ጥቅምቲ ፍርቂ መስከረም ይብሃል፡፡ እዚ ማለት ምዕምባበን ምጽጋይን ካብ ፍርቂ ወርሒ ነሓሰ ክጅምር እንከሎ እቲ ናይ ድሒሩ ዝመጽእ ክልተ ሰሙን ወርሒ መስከረም ከኣ ናብ ጥቅምቲ ገጹ ይኸይድ፡፡ ነዚ ድማ እቲ ወርሓት ባዕሉ የካውኖ፡፡ ንፍርቂ ወርሒ ነሓሰ ገሚዓ ዝወሰደት መስከረም፣ ባራኸት ናይቲ ዓኳይ ዓመት ምሉእ ዝጸዓረሉ ዘራእቲ ትኸውን፡፡ ንዘጠዝሐ ሱብ ሓረስታይ ኣብ እዋን ክራማት ጥራሕ ዝጽዕር ይመስሎ ይኸውን፡፡ ግዳ ኣይኮምኡን፡፡ ሓረስታይ ዓመት ምሉእ'ዩ፣ ምስ ግራውቱ ዝውዕል፡፡ ዘቐንእ ዘረባ ድኣ ከይከውን'ምበር፣ ሓረስታይ ልዕሊ ብዓልቲ እንዳኡ ንግራቱ የቀጥጥር ይብልዎ፡፡ ግዳ ደቀንስትዮ በዚ ዘረባ ኩብደን ኣይብልዓን፡፡ እምበሺ'ኳ ድኣ ኑቲ ምስ ግራቱ ከዕልል ዝውዕል ወዲተብዓታይ ብኣኛ ነገረን ይቕበላኦ፡፡ ነዚ ዕላል መጠገሲ ዝገበረ እምበኣር'ዩ፣ "ብዘይ መኻርም ሱብኣይ ነይኸርም" ተባሂሉ ዝምሰል፡፡ ሱብኣይ ኑቲ ንዝመጽእ ዓመት ዝሓርሶ ቦታ ኣቐዲሙ ኩዓልዎ ምእንቲ ብዓልቲ እንዳኡን ኩቡቱን ሐዙ'ዩ ዝወፍር፡፡ መኻርም ከኣ ይብሃል፡፡ ካብ ዝናምን ነኽስን ዘዕቀቦ ብኽልተ ሰፍኢ

# "...መስከረም ኖብ እኹሊ"

ባዕለይ ክዛዝሞ

ሓመድ ዝድብደብ ግዚያዊ ገዙ፡ "መኻርም ኣይደብደብ፣ ወዲ ሓወቦ ኣይወደብ" ዝብል ምስላ ዝሰማዕኩም፣ እዚ ዕላል ኣይሕደሰኩምን፡፡ መኻርም፣ ምድሪ ክራማት ከም ዘሎ ንኽሕብር፣ ዝኣኽሎ ሓመድ ክረክብ ኣይግባእን፡፡ ከምኡ እንተድኣ ኩይኑ፣ ዓላ (ምቑእነት) ስለዘፈጥር፣ ተመራጺ ኣይከውንን፡፡ ምድሪ ዝናብ እናሃረሞ፣ መኻርም ማይ ዘይነጥብ ምስ ዝኸውን ሱብኣይ ድቃስ ይጠልሞ፡፡ ዝዓበራ ኩብቱ ምስ ዝጉርበሳ (ክትንስእ ወይ ክኾዳ ኩብላ ምስ ዘወድቃ፣) ዝብላዕ ደልዮን ምስ ዝቖላ፣ ወይ'ውን ዝጹብኣን ምስ ዝመጽእ ዝረድእ ኣይረኽበን፡፡ ንምግናን ተባሂሉ ዝጽወ ድኣ ከይመስለኩም እምበር፣ ኣብ ከምዚ ዘይዕልዊ እዋን ሓረስታይ፣ ድርዕቶ ኣይማላእን ይብልዎ፡፡ ከምቲ ቅድም ኢሉ ዝተገልጸ ክርትም ኢሉ ከይድቅሰ'ሞ ዝብለጽ ድላይ ልቡ ከይጉብር፡፡ እዚ ከኣ ኑቲ ብስንፍና ዝሰራሕ ዝማስሎ ሱብ ካብ ሎሚ ንደሓር መለበሚ ይኹኖ፡፡

ኣብ ያታዊ ሕብረተሰብ ትግርኛ ካብ ምቹኣል (ሚከኤል ነሓሰ) ንደሓር ሸዊት በለስ ክብላዕ ይከኣል፡፡ ንኑበሰ ጸወራትን (ኑበሰ ጸራት) ካልእ ሕማም ውሽጦም ዝኖኾም ወገናትን ግና እዝን ከምዚን ከይተባህለ ቅድሚ'ዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ይፍቀድ፡፡ ብቻስ ይሸውት ጥራይ፡፡ ኑቲ ዝናብ እናተጸበየ እትዋት ዝረክብ ወገን ከኣ እዚ ኢጋጥሚ መዋሰኡ ይኸውን፡፡ ግዳ ዝጠዝሕ ወገን ነዚ ሸዊት እናተባህለ ዝግለጽ ህያብ ክራማት፣ ከም ሓድሽ እኽሊ ኣይሓሰቦን፡፡ ዋላ'ኳ በለስ'ውን ከም ግራት ሓጺርካን ሓሊኻን ዝብላዕ እንተኾነ፣ ከምቲ ዘረእካን ጸሂኻን፣ ዓጺድካን ኣኺድካን ቤት ዝኣቱ እኽሊ ገጽ ኣይወሃቦን፡፡ ነዚ ሓሳብ ኣብ ውሽጡ ዝሓዘ ኣባል እቲ ሕብረተሰብ ድማ'ዩ፣ ንወርሒ መስከረም ከም ወሃቢት ሓድሽ እኽሊ ዝሓሰቦ፡፡ ኣብ መፈለምታ ወርሒ መስከረም ጥራይ ከኣ'ዩ ሓድሽ እኽሊ ክጠዓም ዝፍቀድ፡፡ ቅድሚ'ዚ ዝተባህለ ግዜ ዝኣኽለ ዘራእቲ ምስ ዝርከብ "ኣብርዒኑ" ይብሃል ነበረ፡፡ ምብርዓን፣ ጥንሲ ይኹን ካልእ ፍርያት ቅድሚ'ቲ ዝግበኦ ግዜ ክወጽእ ወይ ብዘይ ዓቕሙ ክፈሪ እንከሎ'ዩ፡፡ ቅድሚ'ዚ ዝተባህለ ግዜ ዝሸወተ ዘራእቲ፣ ወላ'ኳ ብዝሞገአ ዝበሰለ እንተኾነ፣ ግዜኡ ዘይሓለወ ተባሂሉ ሰሊዕካ ይኹን ዓጺድካ ንኣድገ በቒሊ ይወሃብ፡፡ ምስ እዋን ኣነጺርካ ጭራሽ ዘኽፈአ ምስ ዝኸውን ግና፣ እግሪ ሱብ ይግዝሞ ተባሂሉ ናብ መንገዲ ይድርበ፡፡ ምስ ሐማኡን ውሽማኡን ዝሓደረ ከኣ እናሓምተሎ ይኸይድ፡፡ ክንዮ'ዚ ክኸይድ ዝደለየ ሱብ ማይ ድጋም ዝኣምኖ ኣምጺኡ ንወዮ ኣብዘይ እዋኑ ዝኣኸለ ዘራእቱ ይነጽግሉ፡፡ ብዘጠዝሐ ዘይጉድእ እንተድኣ ኩይኑ ንዘዝኣኸለ ዘራእቲ እናሰለወን እናቑረጸን ኣብ ውሽጢ ግራት ዘጽንሖ ለባም'ውን ኣይሰኣንን፡፡ ካብዚ ዝተላዕለ'ዩ ድማ "ግራት ምስጢራ ትሓብእ" እናተባህለ ዝምሰል፡፡ ሓረስታይ እዚን ካልእን እናገበረ ይጸንሕ'ሞ ቅዱስ ዮሃንስ ምስ ኣኸለ ሓድሽ ፍርያት ክቑደስ ይጀምር፡፡ ኣብ ግእዝዊ ካለንደር ቅዱስ ዮሃንስ መጀመርታ ወርሒ መስከረም ምኻኑ ፈሊጥክምዎ ኣለኹም ኢለ'ዩ፡፡ ኑቲ ኣቐዲሙን ኣብ እዋኑን ዝኣኸለ ምህርቲ ኣብዚ ዝተባህለ መዓልቲ ክቑደሶ እንከሎ፣ እንተስ ክራማት ድሒሩ ወይ'ውን ምድሪ ረጊኡ (ዝናብ ኣብ ግዜኡ ጀሚሩ እንከሎ ገለ እዋን ዘራእቲ ይኹን ካልእ ብቑልያ ምድሪ ካብ ምሸዋት ይሕንግድ'ዩ፡፡) ዘርክብ እኽሊ ኣብ ዝሰኣነሉ ከኣ ብጭልቀዕን ጭሕምን ይውዕል፡፡ እዚ ዳሕረዋይ ጥቡብ "መሰምቡዲ" ይብሃል፡፡ ሓረስታይ ኑቲ ዝሰኣነ ዘይብሉ ክስሱ፣ ዓጠጥ እናበለ ግዜ ዝወሰደ ዘራእቲ፣ ከከም ዝጠዓመ ገይሩ የነቓቕሖ፡፡ ንኣብነት ዕፉን ካብ ምስዋት ምስ ዝሕንግድ፣ ሓደ ዋና ግራት፣ ካብ ወዮ ግራት ዕፉን ክልተ ሰለስተ ኩልኳል (ጉምቦ ወይ ዒልቦ) ዕፉን ይሰልዕ፡፡ ካብ ግራት ከየውጸአ ድማ ኣኣብ ዝመረጸ ቦታ ናይቲ ግራት ፋሕ የብሎ፡፡ እዚ ከኣ ምስቲ ካብ ሰባ ዝውሓት ማሽላ ወይ ንዑፍ ወይ ንወንጮፍ ዝብል ዝሰማማዕ ይመስል፡፡ ነገረይ ድኣ ከይገፍሓኒ'ምበር፣ እዚ ጥቡብ ኣብ ኩሉ ህይወት ሓረስታይ እምብዞ እተዘውተረ'ዩ፡፡ ንኣብነት ምልኣ ምሓዝ ዝኣብያ ወይ ዘይከኣላ ኣሓ እንተተበዚሐን ጓሳ ናቱ ጥቡብ ይጉብር፡፡ እቲ ከምዚ ሎሚ ጾም ምስ ኣተወ ዘይዕለል'ሞ ይጽኑሓልና፣ ኑቲ ኣፍካ መለእካ ዝዕለሎ እንተበልናዮ ግና ዝጎዝዞና ኣይንረክበን፡፡ ንወየን ስራ ወይ ትልዋ ጥዒምወን ምላድ ምራኽ ዝጠንጠናኦ ኣሓ ምስ ብዕራይ ጸሚዱ ይሓርሰን፡፡ ዝብላዕ እውን ይብቀለን፡፡ እዚ ኩሉ ገይሩ እትሰምዕ ላም እንተረኸቡ ግና ገጽ ብዕራይ ከምዝይ ትርኢ ይጉብር፡፡



## ካባኻትኩም

### ምስሊታት

ሃብታም ንሃብታም ይጠቓቐሱ፣ ድኻ ንድኻ ይለቓቐሱ፡፡

ሕማቐን ጠበቐን ርእሶም እናኖቓቑ ይኑበሩ፡፡

ሚስ ይዕደል ብብርለ፣ ቀርበት ይምለጥ ብሸንኮሉ፡፡

ምስ ጠረጥካ እግሪ ይእኩብ፣ ምስ ሱሓትካ ምኽሪ ይርክብ፡፡

ርእየ ዝበለ ጣጣ የምጽእ፣ ኣይረኣኹን ዝበለ ካብ ጣጣ ይወጽእ፡፡

ቀሺ ኣየስረቐ፣ ነዊሕ ኣየውረቐ፣ ሰበይቲ ኣይትድረቐ፣ ምድረ ሰማይ ከይንቐነቐ፡፡

ቤት ብዘይ ሰበይቲ ደምባ ብዘይ ኩቡቲ ኣይመውቕን፡፡

ከይመኸርካ ዝግበር፣ ከይበሰልካ ዝጋገር፣ እቲ ይገፍሕ እቲ ይፍሕ፡፡

ፍልጠት የኸርይ፣ ሃብቲ የብልዕ፣ ትህኪት የጣልዕ፡፡

ሰዒድ ሳልሕ - ጸሮና

## ወግዒ ቀዳሞት

ሓብልን ኩሕልን፣ ቀሸን መሓልን፣ ሸመኛን ኢታላልን፣ ጉሒላን ሰዓልን፣ ነፍዕን መስተርን፣ ሰበይትን ሓያልን፣ ወረዳን ሃላይን፣ ጓሳን ሓንኳልን፣ ሳዕሳዕን ተማህላልን፣ ክሰማማዕ ኣይክእልን፡፡

ሓብርካ ዝመኸርካዮ፣ ኣድቂቕካ ዝመተርካዮ፣ መጺኻ ዝሰተኻዮ፣ እቲ ኣይጎድኣካ፣ እቲ ኣይሓንቀካ፣ እቲ ኣየስርንቐካ፡፡

መርገም ዘይጸገበ ድኻ ይብድል፣ ጽልኢ ዘይጸገበ ሚስ ይዕድል፣ ኣብ ዘየእትወካ ምእታው ፍሉጥ ግድል፡፡

ምስ ዘይፈልጥ ዝተዛረብካዮ፣ ኣብ ልዕሊ ቐላይ ዝጸሓፍካዮ፣ እቲ ኣይጸኩብ እቲ ኣይንብብ ከምዝይ ጸኻዮ፡፡

ላም ሓዊ ወለደት ከይትልሕስ ነደደት፣ ከይትገድፎ ወለደት ብኸሉ ተገደደት፡፡

ኣሰታትያ ሓተላ፣ ኣወናዝፋ ነጸላ፣ ኣተዓልላ ጓይላ፣ የድሊ ሚሌ፡፡

ቀርበት ተበላሽያ ኣብ ምንታይ፣ ኣብ ምንፋሓ ኣይ ኣምንፋሓን ኣብ ምጥባሓ'ምበር ከይዳ ገፊሓ፡፡

# ስፖርት

ዮናታን ጉብረሂወት yogh@zena.gov.er

# ቀይሕ ባሕሪ vs ደንደን

## ዜና ወጻኢ ብሓጺሩ

+ ዚነዲን ዚዳን ንሰለስተ ዓመት ብምፍራም ምስ'ታ ሻምፕዮን ላ'ሊጋ ዝኾነት ሪያል ማድሪድ ንዝጸንሖ ውዕል ኣናዊሑ። እዚ ሓድሽ ውዕል ነዚ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግን ላ'ሊጋን ዘምጽኣላ ፈረንሳዊ ኣሰልጣኒ ክሳብ 2020 ኣብ ሳንትያጎ በርናቡ ዝዕቅብ እዩ። ኣብ ጥሪ 2016 ንራፋ በኒተዝ ክትክእ ዝተመዘዘ ዚዳን፡ ንናይ ማድሪድ ትሕዞኡ ብዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ እዩ ፈሊሙዎ። ቀጺሉ ድማ ኣብ ዓመተ 2016-17 ንጽዋእ ላ'ሊጋ ከምኡ'ውን ዘውዲ ኤውሮጳ ንኻልኣይ ግዜኡ ብምዕዋት ክብሪ ረኺቡ - እዚ ፍጻመ ንማድሪድ ድሕሪ 1958 ንመጀመርታ ግዜኣ'ዩ። እዚ ተጻዋታያ ነበር እንተላይ ንዋንጫ ክለባት ዓለምን ክልተ ዓወት ዩዌፋ ሱፐር ካፕን እውን ኣምጺኡ እዩ። ሓንቲ ካብኣን እታ ኣብዚ ቐረባ እዋን ኣንጻር ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ዝተጻምደሉ ዝሰፍሰፋ እያ።

+ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ኣርሰን ቨንገር ኣብ'ቲ ንሌስተር ሲቲ 4ብ3 ዝሰዓሩሉ በዳሂ መኽፈቲ ጸወታ ኣብ ልዕሊ ኦሊቨር ጂሩድ ንዝወሰዶ ውሳነ ኮፍ ምባል ኣብ መንበር ተቐየርቲ ንኽዕርፎ ኢሉ ከምዝኾነ ገሊጹ። ጂሩድ ብዓርቢ ግጥም ፕሪመር ሊግ ኣብ ዝተኣንገደሉ ስታድዩም ኢማራትስ ክለቡ ኣርሰናል 3ብ2 እናተመርሐት እንከላ እዩ ካብ መንበር ተቐየርቲ ተንሲኡ ንጸወታ ዝኣተወ። ከምኡ ተቐይሩ ዝተጻወተ ኣሮን ራምሲ መመዓራረይት ሸቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ ድማ'ዩ ኣብ መበል 85 ደቒቕ መዐወቲት ሸቶ ብርእሱ ኣብ ሰኪዔት ዘዕለበ። ምምጻእ ኣሌክሳንደር ላካዘቲ ናብ ኢማራትስ ነዚ ወዲ 30 ዓመት ኣጥቃዓይ ኣናዊጹዎ ምህላው ዝሕበር ኮይኑ፡ ቨንገር ኮፍ ከብሎ ምውሳኑ ድማ ብተዘዋዋሪ ንኽወጽእ ዕድል ይወሃቦ ከምዝሎ ይትንተን።

+ ብግሌዜር ፋሚሊ ዝፍለጡ ወነንቲ እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንክልተ ሚእታዊት ብርኪ እታ ክለብ ክሸጡ ምዃኖም ቢቢሲ ሓቢሩ። እዛ ዓባይ ክለብ በዞም ኣሜሪካዊ መበቆል ዘለዎም ስድራ ካብ 2005 ጀሚራ ከምትውነን ይፍለጥ። ኣብ ኔው ዮርክ ሕቡራት መንግስትታት ኣሜሪካ ዝመደበሩ ናይ ብርኪ ማሕበር ነዚ ክልተ ሚእታዊት ብርኪ ብ56.4 ሚልዮን ፓውንድ ክገዝእኦ እዩ መዲቡ ዘሎ።

ስድራቤት ግሌዜር ንማንቸስተር ዩናይትድ ቅድሚ 12 ዓመት ብ790 ሚልዮን ፓውንድ እዮም ዓዲጎማ። ኣብ ዝሰዓበ ዓመታት ድማ ን10 ሚእታዊት ብርኪ ከምዝሸጡ ይግለጽ። እዞም ሰብ ጸጋ ስድራቤት ነዚ ዝበሃል ዘሎ ምሻጥ 2 ሚእታዊት ብርኪ ሰሉስ ከትግብርዎ ትጽቢት ይግበር።





# 90' - ርእሱ ዝኸኣለ ናይ ክብሪ ጸወታ!

ስታድዩም ኣስመራ ሎሚ ንጸወታ እተን ኣብ መንጐኣን ሓያል ስፖርታዊ ህልኽ ሰሪጹ ዝርከብ ቀይሕ ባሕሪን ደንደንን ከተሳሲ እያ። ንዋንጫ ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን



'ኤ' ዞባ ማእከል ዓመተ ስፖርት 2016-17 ደንደን ከምእተዓወተትሉ ግና ብዓንተቦኡ ተፈሊጡ እዩ። እሞ እንታይ ደኣ! . . . ናይዚ እዋን'ዚ ክልተ መወዳድርቲ ዓርሞሸሽ ክለባት ዞባ ማእከል ፊት ንፊት ተራኺበን ክብሪ ማልያኦን ዝሕልዋሉ ብምዃኑ፡ ኣብ ውሽጢ 90 ደቒቕ ዘሎ ቀጥታዊ ተወዳዳርነት ተጻወትተን ኣጠቓቕማ ሜላ ኣሰልጠንተን ኮታ ኣብ ንሓድሕደን ዝህሉ ሓፈሻዊ ናይ ጋንታ ጸብለልትነት እቲ ብኻልእ ሸነኽ ዝርአ ነጥብታት እዩ።

ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ክለባት፡ ዕላማ ዓበይቲ ጋንታታት ማለት ደንደን፡ ቀይሕ ባሕሪ . . . ዋንጫ ምውሳድ እዩ። ኪንዮ እዚ ግን እዘን ክለባት ነንሕድሕደን ኣብ ዝገጥማሉ እዋን ኣብ'ታ 90 ደቒቕን ድሕሪኡ ዘሎ መዓልታትን ደገፍቲ ዕላሎም ብውዕሎ ዓወት ወይ ስዕረት ስለዝቕንይ፡ ደረትካ ነፊሕካ ክትቕንይ ወይ ርእስኻ ኣድኒንካ ክትወጽእ ዝውስኖ ናይ ክብሪ ግጥም እዩ።

ብዘይካ ኣብ ኣርባዕተ ጸወታታት ብሰንኪ ብመቕጻዕቲ ኣብ ካልእ ብምሉኡ ጸወታታት እዚ ዓመት ብብቕዓት ዝተዋስአ ኣከፋፋሊ ደንደን ኢዮብ ግርማይ ብዛዕባ'ዚ ጸወታ እንክገልጽ፡ "ንኽብሪ ማልያና ኢና'ምበር ጸወታ ኣብቂዑ'ዩ። ብፍሉይ ንቀይሕ ባሕሪ ኢልና ዝተዳለናዮ የሎን፡ ከምቲ ንኻልኦት ጋንታታት እንገብሮ ምቅርራባት እዩ ዘሎና። ክብሪ ማልያና ግን ፈጺምና ኣይነድፍርን!" ይብል።

እዚ መስመር ምክፍፋል ደንደን ልዕሊ ዝኾነት መወዳድርታ ክለብ ጸብለል ንኽብል ልዑል ኣስተዋጽኦ ዝገበረ ድንቂ ኣከፋፋሊ፡ ሻምፕዮንነቶም ኣረጋጊጾም እኳ እንተ'ለው፡ ንቐይሕ ባሕሪ ኣቕሊሎም ከምዘይርእዩዋ ድሕሪ ምግላጽ፡ "ንፍጻመ ዋንጫ ናጽነት ንምሕላፍ ኣብ ዝተራኸብናሉ ስለዝሰዓሩና ሎሚ ኣንጻርና ንዘካይዱዎ ጸወታ ውዱእ ዝገበሩዎ'ዮም ዝመስሉ፡ ብዝኾነ ክስዕሩና ድዮም ክንስዕሮም ሜዳ ክፈርደና'ዩ።" ኢሉ።

ቅልጣፈ ሓዊሱ ላዕልን ታሕትን ብምባል ንስምረት ጸወታኦም ብምሕላውን ንሸቶ ዝበቕዓ ኮዓሳሱ ብምህንዳስን ዝልለ ኢዮብ፡ ጕዕዞ ሻምፕዮንነቶም ኣብ መፈጸምታ በጺሒ ኢሎም ክዛነዩ ዘይኮኑ፡ ንተዓዘብቲ ጽቡቕ ጸወታ ከምዘርእዩ ድማ ወሲኹ ይገልጽ።

"ዋላ'ቲ ሻምፕዮን ውዱእ እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ደንደን ዝለመድናዮ ዓወት ሕጂ'ውን ክንቅጽሎ ኢና - ገጽ ንገጽ ሓድሕዳዊ ብቕዓት ዝመዝን ጸወታ ስለዝኾነ ተሃንጢና ንጽበዮ ኣሎና።" እዩ ዝብል ናይ ቅድሚት ተጻዋታይ ቀይሕ ባሕሪ ሮቤል ሰለሙን (ሓሸ)።

ኣብ ካልኣይ ዓመት ሊግ ኤርትራ ምስ ክለብ ኣልነስር ኣብ ማእከል ተሰሊፉ ንሸቶ ዝኾና ኮዓሳሱ ንኣጥቃዕቲ ኣብ ምልኣኽ ሓደ ካብ'ቶም ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩ ኣከፋፈልቲ ዝነበረ ሮቤል፡ "ደንደን ዋንጫ ትቕበለሉ ዕለት ይኹን ደኣ'ምበር፡ ንቐንዲ መወዳድርታ ቀይሕ ባሕሪ ስዒራ ንጽምብል ከተምርሓ ከምዘይትኽእል ንተዓዘብቲ ብግብሪ ክነርእዮም ኢና።" ይብል።

ንሱ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ካልኣይ ዓመቱ ዝመልእ ዘሎ ኾይኑ፡ ንደንደን ምስዓር ማለት ኣብ'ቲ ብሕጂ ዝቕጽል ውድድራት፡ ክለቦም ምስ ደንደን ኣብ እትራኸበሉ ግዜ ፈጺማ ከም ዘይትድፈር መልእኽቲ ምዃኑን ንደገፍቶም መጠናዊ እፎይታ ክረኽቡ ከኽእሉዎም ምዃኖምን እዩ ዝዛረብ።

ደንደን ዕላማኣ ወቒዓ እያ። ክብሪ ኸኣ ኣብ ቦታኡ ክህሉ ክትደሊ ናይ ግድን እዩ። ብኣንጻሩ ቀይሕ ባሕሪ ዕላማኣ ኣይወቕዐትን፡ ክብሪ ብምሕላው ብመጠኑ ኩነታት ደገፍታ ንምፍዋስ ግዳ ክትሕተት እያ። እዚ ማለት እዘን መቐናቕንቲ ጋንታታት ሓንቲኣን ኣብ ልዕሊ'ታ ሓንቲ ጸብለል እትብለሉ ኣጋጣሚ ሃሰው ክትብል፡ ወትሩ ኣብ ዕዮ ምስ ተጸምዳ እየን። ዋንጫ ምውሳድ፡ ንዓመታት ኀብለል ምዃን፡ ተጻወትቲ ኣብ ምግዛእ፡ ተደላይት ጋንታ ንምዃን፡ ብደገፍቲ ተቐባልነት ንምርካብን ብኣተሓሕዛን ኣካይዳን ሓያል ንምዃንን ዘካይዳኦ ንጥፈታት ፍልይ የብለን እዩ።

ተጻወትቲ፡ ዓለምቲ፡ ኮሚቴ፡ ደገፍቲ፡ መወልቲ ወትሩ በብዝምልከቶምን ሓላፍነት ስርሖምን ኪንዮ ምንጣፍ፡ ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ስፖርታዊ ስምዒት ዝመንቀሊኡ ደገፍቲ ኣብ ኣሰላልፋ ማለት ስራሕ ኣሰልጣኒ ብምእታው "ንእገለ ዘየሰልፎፍ ከምዚ ዓይነት ኣሰላልፋ ዘይጥቀም ንእገለ ንምታይ ኮፍ ኣቢሉዎ" ብምባል ኩነታት ጋንታኦም ማዕረ ኽንደይ ኣብ ደሞም ከምዝኣተወ ዘርእይ ምንቅስቓስ ክገብሩ እንክለው፡ ካብ'ቲ ዘይስራሕካ ምስራሕ ዓቢ ጌጋ ነታ ንእሽቶ ጽብቕቲ ማለት ንህንጡይነቶም ብእወታዊ ኣረኣእያ ክትርእዮ የገድደካ። ደገፍቲ ድልየቶም፡ ጋንታኦም ከይትሰዓር ጥራይ ዘይኮነስ ክብራ'ውን ከይትድፈር እዩ። ስለዚ እዚ ናይ ሎሚ ጸወታ ዝያዳ ኹሉ ነጥብታት፡ 'ግጥም ክብሪ ምሕላውን ግጥም ደገፍቲን' ይገብሮ።

ኣብ ኣጸዋውታ እንተመጺእና፡ ደንደን ዝያዳ ሚእታዊት ዓወት ዝኸሰበትሉ ቀንዲ መዳይ፡ እቲ ካብ ማእከል ንቕድሚት ዘሎ ዓይነት ተጻወትቲ ዝያዳ ብዘይኰዕሶ ምንቅስቓስን ነብስኻ ናጻ ገይርካ ምጽናሕ፡ ንተኸላኸልቲ ኣንጻር ጋንታ ብቐሊሉ ከምዘይትተሓዝ ኴንካ ምጽዋት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዳሕረዎት ጸወታታት ኣንጻር ሰገንን ኣልታሕሪርን ብጉሉሕ ዝተራእየ ብልጫ ነይሩ። ኣብ'ዚ ናይ ሮቤል ኪዳነ ንስያፍ (diagonal) ምንቅስቓስን ፊልሞን ጥዑምዝጊ ናብ ማእከል ምእታውን ምስ ናይ ኪሎ ብግዜን ቦታን ተጠቒምካ ዝግበር ውሕሉል ምጥቃዕ፡ ሃንደበትነት መጥቃዕቲ የዕብዩ። ኣብ መጥቃዕቲ ኸኣ ሃንደበትነትን ዕድላት ሸቶ ምርካብን ቀጥታዊ ዝምድና ኣለዎም። ምስ'ዚ ዝሑል ምንቅስቓስን ውሑድ ተዓጻጻፍነትን ኣጥቃዕቲ መድሃኔ ስዩምን ኣማኑኤል ደምሴን ብዓዲ ምትክኡ ነቲ ስራሕ ዝያዳ ኣድማዕነት ፈጢሩሉ እዩ።

ኣብ ክለብ ቀይሕ ባሕሪ ብተዛማዲ ተጻወትቲ ኣብ ውሱን ቦታ ብምንቅስቓስ ብዘለኻዮ ቦታ ብጥበብን ቅልጣፈን ንምውጻእ ዝያዳ ኣብ ዝተዋህበካ ቦታን ሓላፍነትን ተደሪትካ ኣብ ናይ ባዕልኻ ውሳነ ዝተወሰነ ስጉምቲ ጥራይ ምውሳድ ምስ ሓደስቲ ተጻወትቲ (ሓላፍነት ምኽባድ) ተወሲኹዎ ውጽኢቱ ከምቲ ዝድለ ኣይነበረን። ብዘይካ'ዚ ውልቃዊ ዓወት ተጻወትቲ ማለት ተሰላፊ ንምዃን ከምኡ'ውን ብዓቢኡ ሓደስቲ ተጻወትቲ ንሓላፍነትን ጸወታን ጋንታ ክመልክዎ ግዜ ምውሳድ ንናይ ጋንታ ዓወት ብመጠኑ ኣደናጊዩዎን ኣጉዲሉዎን እዩ።

እንተ ብዓይነት ተጻወትቲን ደረጃ ብቕዓት ኣሰልጠንቲን ክልቲኣን ጋንታታት ግን ናይ ድልየት ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ብቕዓት ተመጣጠንቲ እየን። እዚ ኾይኑ፡ ኣብ ዓበይቲ ዕላማታትን ዓበይቲ ስርሓትን እቶም ደቀቕቲ ነገራት ዓቢ ፍልልያት ስለዘምጽኡ፡ ኣብ'ዘን ዓበይቲ ጋንታታትን ሓያላት ተጻወትቲን እቶም ደቀቕቲን ተደጋገምቲን ዝመስሉ ድኻማት ናይ ዋንጫ ፍልልይ ኣምጺኦም። ሕጂ'ውን እዚ ደቀቕቲ ፍልልያት ሎሚ መዓልቲ ናይ ክብሪ ፍልልይ ከየምጽእ፡ ክልቲኦም ኣሰልጠንቲ ሓያል ምድላው ዘይኮነስ ሓያል ጥንቃቐ ክገብሩ ምዃኖም ተክኒካዊ ግምት ኣሎ።

እዚ ስለዝኾነ ክልቲኦም ኣሰልጠንቲ ነዚ ጥንቃቐ ብሓያል ትኹረትን



ንጡፍነትን ንምምካት፡ ጌጋታትካ እተውሕደሉ ሜላ ኣጸዋውታ ካብ ኣብ ጽባቐ ኣብ ጥንቃቐ ብምድሃብ፡ ኣዝዩ ጽቡቕ ጸወታ'ኳ እንተተጸበና ዝያዳ ግን ሓያል ስፖርታዊ ምትህልላኽ ንተዓዘብቲ ከርእዩ፡ ተዓዘብቲ ድማ ናይ ሕሉፍ ሻምፕዮን እዋን ንግዜኡ ንጎድኒ ገዲፎም ነዛ 90 ደቓይቕ ንበይና ከም ሓንቲን ዓባይን ፍጻመ ብሃንቀውታን ብውዕውዕ ስምዒትን ክዕዘቡዋ ትጽቢት ይግበር። በሉ ንኺድ ናብ'ቲ ናይ ሎሚ ግጥም 90 ደቒቕ - 'ግጥም ክብሪ ምሕላው።

*"ሻምፕዮንነትና ኣብ ቦታኡ ኣሎ። ጕዕዞና ገና እዩ፣ ሕጂ'ውን 100% ኣይዓገብናን። ዓባይ ጋንታ ምዃንና ኣብ ልዕሊ ቀይሕ ባሕሪ ምዕዋት እዩ ድልየትና፣ ጽቡቕ ጸወታ ኣሰኒና ኸኣ ክነሰንፉ ኢና!" ደገፍቲ ደንደን*

*"ዋላ ዋንጫ ኣይትውሰድ፣ ጋንታና ዓባይ ጋንታ እያ። ሎሚ'ውን ምስኣ ኣሎና፣ ከም ወትሩ ከነማሙቓ ኢና። ዋንጫ ደኣ ኣምሊጣትና'ምበር ደንደን ብክለብና ምስዓራ ኣይተርፋን'ዩ!" ደገፍቲ ቀይሕ ባሕሪ*

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል

ኣዱሊስ - ኣስመራ ቢራ
ቀይሕ ባሕሪ - ደንደን
ካብ ሰዓት 2:00 ድ.ቐ ጀሚረን
ኣብ ስታድዩም ኣስመራ

ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ

ኒውካስል - ቶተንሃም 3:30
ማን ዩናይትድ - ዌስትሃም 6:00



# ሰንበት





# ቈልዑ



መም. ዮናስ ሃብተ

## ምኽሪ ናይቶም ኣቦ

... ቀደም'ዩ። ቻን ዝተበሃለ ወሓለ ውድድር ጨመተ ቀስቲ ነበረ። ሓደ ንግሆ ኣብ ጐደና ኮይኑ ጨመተ ቀስቲ እናተለማመደ እንከሎ፡ ካብ ዓሰርተ ፈተነታት ሸመንተ ግዜ ዕላምኡ ጨመተ። እቶም ነቲ ልምምዱ ዝከታተሉ ዝነበሩ ሰባት ድማ፡ "ንፉዕ ቻን! ንፉዕ ቻን!" እናበሉ ብውዕውዕ ጣቕዒት ዝተሰነየ ሞራል ለገሱሉ። ቻን በቲ ክእለቱን በቲ ናይቶም ተዓዘብቲ ናይ መተባብዒ ጣቕዒትን ተሓጎሰ። ዓቢ ኩርዓት እውን ተሰመዮ።

ሓደ ኣብ ጥቓ'ቲ ቻን ዝለማመደሉ ዝነበረ ቦታ ኮይኖም ዘይቲ ብልዒ እናሸጡ ንልምምድ ናይ ቻን ዝርእዩ ዝነበሩ ናይ ዕድመ ብዓል ጸጋ ኣቦ ግን፡ በቲ ክእለት ናይ ቻን እምብዛ ኣይተደነቑን። ስለ ዝኾነ ድማ ቊሩብ ርእሶም እናነቕነቑ ደኣ ኣድናቖቶም ገለጹ እምበር፡ ከምቲ ናይ ካልኦት ሰባት "ንፊዕ ቻን! ንፉዕ ቻን!" ኢሎም እናወጨጨ ኣየጣቕዑሉን።

ብኹነታት ናይቶም ሰብኣይ ዘይተሓጎሰ ቻን፡ "ንስኹምከ ክኢላ ጨመተ ቀስቲ ዲኹም? ነዚ ናተይ ናይ ቀስቲ ጨመተ ክእለተይከ ከመይ ረኺብኩምዎ?" ኢሉ ሓተቶም።

እቶም ሰብኣይ፡ "ኣነ'ኳ ክኢላ ጨመተ ቀስቲ ኣይኮንኩን። ብዙሕ ኣፍልጦ ናይ ጨመተ ቀስቲ'ውን የብለይን። እንተኾነ ግን ካብ ዓሰርተ ፈተነታት፡ ሸሞንተ ካብ ረኺብካ ደሓን ኢኻ፡" በልዎ ዓይኒ ዓይኑ እናጠመቱ።

"ጨመተ ቀስቲ ካልእ ምስጢር የብሉን 'ዚ ወደይ። ከምቲ 'ልምምድ ክኢላ ይገብር!' ዝብሃል ምስላ፡ ብዙሕ ልምምድ እንተ ጌርካ ግን፡ ክኢላ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፡" በልዎ። ቻን ብዘረባ ናይቶም ኣቦ ኣይተሓጎሰን። "እሞ ንስኹም ንባዕልኹም ጨመተ ቀስቲ ዘይትኽእሉ ደኣ፡ ከመይ ጌርኩም ኢኹም በዚ ናተይ ክእለት ዘይትድነቑ?" ብምባል እውን ተዛረቦም።

እቶም ኣቦ ብድሕር'ዚ፡ ሓንቲ ኣብ ማእከላ ንእሽቶ ቀዳድ ዘለዋ ናይ ሓጺን ሰልዲ ኣውጽኡ። ነታ ኣብ ማእከላ ንእሽቶ ቀዳድ ዝነበራ ሰልዲ፡ ካብ ኣፍ ናይ ሓደ ካልእ ፈሳሲ ከዐቑር ዝኽእል ጸቢብ ኣፉ መቕመጢ ኣጸቢቖም ሓፍ ኣቢሎም፡ ብጭልፋ ጌሮም



ዘይቲ እናቐድሑ ልኽዕ በታ ኣዝያ ጸባብ ነኳል ናይታ ሰልዲ የሕሊፎም ወላሓንቲ ንጣብ ከየፍሰሱ ነቲ መትሓዚ ዘይቲ መልእዎ።

እቶም ኣቦ ክንዲ ዓይኒ መርፍእ ዝኸውን ነኳል ብዘለዋ ሰልዲ የሕሊፎም፡ ንጣብ ከየፍሰሱ ንኻልእ ጸቢብ ዝኣፉ ዘይቲ ክምልእዎ ዝረኣየ ቻን፡ ብኽእለት ናይቶም ሰብኣይ ኣዝዩ ተገረመ። ፈዚዙ እውን ተረፈ።

ብድሕርዚ እቶም ኣቦ፡ "እዚ ዋላ ሓደ ዘገርም የብሉን 'ዚ ወደይ፡ ምልምማድ ጥራሕ'ዩ ምስጢሩ፡" ብምባል፡ ልምምድ ማዕረ ክንደይ ክኢላ ሰብ ከም ዝገብረካ ነገርዎ። ቻን እውን በቲ ፍጹም ዘይኮነ ክእለቱ ምኹራዕን ምምካሕን ገዲፉ፡ ካብቲ ዝነበሮ ብዝበለጸ ክኢላን ፍጹምን ንክኸውን፡ ዝያዳ ጻዕርታትን ልምምድን ከም ዘድልዮ ኣመነ።

ምልምማድ ኩሉ ግዜ ዘይትኽእሎን ንኽትክእሎን ዘይትፈልጠ ዝነበርካ ንኽትፈልጥን ከም ዝሕግዘካ እውን ብግብሪ ኣረጋገጸ። ኣብቲ ዓውዲ ውድድር ጨመተ ቀስቲ እውን መወዳድርቲ ዘይተረኽቦ ክኢላ ኮነ።

### ሕቶ ንዓኹም...

1/ እቶም ኣቦ ንቻን ዝመሰሉሉ ምስላ እንታይ እያ ትብል? ትርጉማኽ እንታይ እዩ?

2/ ካብዛ ዛንታ እንታይ ንመሃር?

## ሕንቅል-ሕንቅሊተይ



1/ ኣብ ናይ መጀመርታ ናይ ተሌፎን ዝርርብና እንጥቀመላ "hellow" እትብል ናይ ሰላምታ ቃል ዝመሃዘ ሰብ መን ይበሃል?

2/ ካብ ዓለምና ወዲ ሰብ ዘይውለደላ ሃገር መን እያ?

3/ ኣብ ርሳስ ተጻሒፍ እንረኽቦ 'HB' ዝብል ጽሑፍ እንታይ ይውክል?

4/ ኣብዚ ሕጂ እዋን ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ብምባል ብሞዕባለኣን ድሑራት ንዝኾና ሃገራት ከም መጸውዒ እንጥቀመሉ ስም ዘውጻኣለን ሰብ መን ይበሃል?

5/ ሃገርና ኤርትራ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ውድድር ኦሎምፒክ መዓስ ተሳቲፋ?

### መልሲ

1/ ቶማስ ኣልቫ ኤድሰን።

2/ ቫቲካን።

3/ Hard black/ ድሙቕ ጸሊም።

4/ ፈረንሳዊ ፍራንዝ ፋኖን።

5/ ብ2000 ዓ.ም. ኣብ ሲድኒ ኣውስትራልያ፡ ብመገዲ ኑቢያት ሃብተማርያም፡ ቦሎታ ኣስመሮምን ዮናስ ክፍለን ዝበሃሉ ኣትለታት፡

ምንጪ=- መጽሓፍ 'ፍለጡለይ'

## ሓደጋ ውሕጅ

እቲ ውሕጅ እናኣስሓቐ ክወስድ፡
ሴም እናሰሓቐ ክመውት፡
'ንድሙ መጻወቲታ ንኣንጭዋ ጻዕረ ሞታ፡'
ኮይኑ እቲ ነገር፡
ዘጽልእ ክንገር።
ማይ ሃሪሙ ኣብ በዓቲ ኣዕቊልና፡
ካብቲ ሩባ ድምጺ ውሕጅ ሰሚዕና፡
ኩልና ጓሶት ክንርእዮ ኬድና።
እቲ ዘሕዝን ግን፡
ሴም ነቲ ውሕጅ ክሰግሮ ክፍትን፡
ወዮ ውሕጅ ተናዒቐ ኢሉ ክሕንሕን፡
ግብግብ ገጢሞም ሰብን ውሕጅን።
ቀደሙ!!!
ዕሽነት እምበር ሓይሊ ሰብን፡
ሓይሊ ውሕጅን ዶ ሓደ ኮይኑ፡
ሴም ወዲቑ ብዝባኑ።
ሽው እቲ ውሕጅ ...
ብማዕበሉ እናጸፍዐ፡
ምስ ኣኻውሕ እናላገዐ፡
ብናህሪ ተወንጪፉ፡
ስንጭሮታት ሓሊፉ፡
ንሴምን ካልእ ማልእን ገፋፊፉ፡
ከይዱ ተዓዚሩ ዓድና ሓሊፉ።
ድሕር'ዚ ሽዓ
መራር ኣውያት ተሰሚዓ።
"ሴም ወዲ ገብራይ
እቲ ተማሃራይ፡
ምስ ውሕጅ ክጻወት
እቲ ውሕጅ ጸወታ ዘይፈልጥ፡
ምስኡ ወሲድዎ፡
ካብ ዓድና ሰዊርዎ።"
ደቂ ዓድና ተጓይዮም - ንሴም ከድሕኑ፡
ኣብ ብዙሕ ቦታታት - ደልዮም ምስ ሰኣኑ፡
ተረኺቡ ሴም - ክንዮ ዓዲ ስግር ጎቦ፡
እንትርፎ ኣራዊት - ካልእ ኣብ ዘይርከቦ።
ተረኺቡ ሴም - ብኣራዊት እናተበልዐ፡
እቲ ሬስኡ
ኣብ በረኻ ምስ ተገፍዐ፡
መስኪንናይ ሴም!
መን'ሞ ብእኡ ዘይነብዐ።

ምንጪ፡ መጽሓፍ 'ሪሓና'

ኣድራሻና።
ሰንበት ምስ ቈልዑ
ፖ.ሳ.ቑ. - 1042
ኣስመራ